

## ንምንታይ እዩ ክፍሊ መጉዓዝያ ሲያትል (SDOT) ነቲ ናይ ጎደና ናይ መኪና ጠጠው መበሊ ዘመሓድሮ?

ንሕና ነዚ ናይ ጎደና ናይ መካይን ጠጠው መበሊ ቦታ ነመሓድረሉ ምኽንያት ሰባት፣ ቦታታትን፣ ምህርቲታትን ዝራኸቡላ ድምቕቲ ከተማ ክትህልወና ኣብ ምግባር ንምሕጋዝ እዩ።


ነቲ ካብ ከርብ (curb) ቀጺሉ ዘሎ ቦታ ኢና ንመካይን ጠጠው መበሊ ኣብ ጥቕሚ እነውዕሎ፣ ይኹን እምበር ነዚ ቦታ እዚ ከም ናይ ኣውቶቡስን ናይ ብሽክለታን መስመር መጓዓዚያ፣ ንዝበጽሑ ነገራት፣ ካፌታትን፣ ንኻልኦት ነገራትን እውን ንጥቀመሉ ኢና። ብዙሓት ሰባትን ትካላት ንግድን ነዚ ቦታ ክጥቀሙሉ ይደልዩ እዮም፡ ግን ውሱን መጠን ስለዘሎ ብሓባር ክንጥቀመሉ ኣለና። ኣብ'ተን ከተማና ቀዳምነት ትህበን ጉዳያት መሰረት ብምግባር፣ ነዚ ቦታ እዚ ብዝበለጸ ኣገባብ ክንጥቀመሉ ኣብ እንኽእለሉ ኣገባብ ብዝምልከት ውሳነታት ነሕልፍ። ኣብ ዙርያ ከተማ ሲያትል ውሑስን ስሉጥን ብዝኾነ ኣገባብ ክትንቀሳቐሱ ንደልየኩም። ካብ'ዚ ብተወሳኺ ነቶም ናይ ኩነታት ኣየር ሽቶታትና ንምዕዋት እንዳሰራሕና፣ ጎና ጎኒ እዚ ንግዳዊ ትካላትን ነቲ ናይ'ቲ ከባቢ ንናብራ ዘለዉ ምቹውነትን ክንድግፍ ንደሊ።

**ናይ ጎደና ናይ መኪና ጠጠው መበሊ ብኸመይ ኢና ነመሓድሮ፥**
ኣብ ጎኒ ከርብ ዘሎ ቦታ ንምምሕዳር ዝተፈላለዩ መሳርሒታት ንጥቀም። ብኽፍሊት ኣገልግሎት ዝህቡ ናይ መካይን ጠጠው መበሊን ናይ መጽዓኒ ቦታታትን ብምድላው ኢና ነቲ ኣብ ጥቓ ንግዳዊ ትካላት ዘሎ ቦታ ንሓጺር ግዜ ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉ እንገብሮም ክልተ መንገዲታት እዮም። ከምኡድማ ኣብ ገለ ናይ መንበሪ ቦታታት፣ ገደብ ዘለዎም ናይ መኪና ጠጠው መበሊ ቦታታት (RPZs) ብምድላው ነቲ ኣብ ጥቓ ሆስፒታላት፣ ዩኒቨርሲቲታትን፣ ካልኦት ዓበይቲ ትካላትን ዘጋጥም ናይ ምሉእ መዓልቲ መኪና ጠጠው ምባል ኩነታት ንቕንስ። ሰባት ነዞም ቦታታት እዚኣቶም ነቲ ዝተሓሰቡሉ ዕላማ ኣኽቢሮም ክጥቀሙሎም ኣብ ምግባር ምስ ናይ ከተማ ሴያትል ፖሊስ መምርሒ (Seattle Police Department) ናይ መኪና ጠጠው መበሊ ሕጊ ኣፈጸምቲን፣ ምስ ምምሕዳራዊ ቤት ፍርዲ ከተማ ሴያትል (Seattle Municipal Court)ን ብሓባር ንሰርሕ ኣለና።

ሕቶታት ምስ ዝህልወኹም ወይ ሓገዝ ኣብ ዘድልየኩም እዋን ክትረኽቡና እትኽእሉሎም ሓያሎ መንገድታት ኣለዉና። ኣብ’ዚ ብሮሹር እዚ ሓጋዚ ናይ ርክብ ሓበሬታ ክትረኽቡ ኢኹም።

## ናይ መኪና ጠጠው መበሊ ቲኬታት

ናይ መኪና ጠጠው መበሊ ቲኬታት ከይመጽኡኻ ክትጽዕር ተስፋ ንገብር። ይኹን እምበር፣ እንተደኣ ቲኬት መጺኡካ፣ ኣብ 15 መዓልቲታት ነቲ ዝተሓተተ ክፍሊት ክትፍጽም ኣለካ። ክፍሊታት ንምፍጻም ብዙሓት ኣማራጺታት ኣለዉኻ፥



### በቲ ዝቐርብ ፖስታ ተጠቒምካ፣ ብፖስታ ምልኣኽ

Municipal Court of Seattle
PO Box C-34109
Seattle, WA 98124-1109

**ብቴሌፎን፡**
(206) 233-7000

**ኦንላይን፡**
seattle.gov/courts/
tickets-and-payments/pay-my-ticket

### ብ ኣካል

- Municipal Court of Seattle, 600 5th Ave,
  ሰኑይ –ዓርቢ፣ 8 AM–5 PM
- ካብ'ቲ ቤት ፍርዲ ወጻእ ኣብ ዝርከብ ካብ'ቲ ቀንዲ መእተዊ ቦታ ንየማናይ ወገን ዘሎ ናይ መልእኽቲ ሳጹን
- ናይ ሴያትል ናይ ዓማዊል ማእኸላት ኣገልግሎት

### ናይ ቤት ፍርዲ መጋብኣያታት

እቲ ትኬት ብጌጋ ከምዝተዋህበካ እንተኣሚንካን ጉዳይ ትኬት ኣብ ቅድሚ ዳኛ ክረኣየልካ እንተደሊኻን፡ መስርሕ ፍርዲ ክካየደልካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

ነቲ ጥሕሰት ሕጊ ከም ዝፈጸምካዮ እንተደኣ ተሰማሚዕካ ግን ድማ ብሰንኪ እቲ ዝነበረ ኩነታት እቲ መቕጻዕቲ ክቕንስልካ ንዳኛ ክትሓትት እንተደሊኻ፡ ናይ መቕጻዕቲ መቕለሊ መስርሕ ፍርዲ ክካየድልካ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

**ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡**
(206) 684-5600 ወይ seattle.gov/courts/
tickets-and-payments/dispute-my-ticket

## ክፍሊት ዝፍጸመሎም ናይ ጎደና ናይ መኪና ጠጠው መበሊ ቦታታት

ብሓፈሻ እዚ ክፍሊት ዝፍጸመሉ ናይ መኪና ጠጠው መበሊ ቦታ ካብ ሰኑይ ክሳብ ቀዳም ካብ ሰዓት 8 AM ክሳብ 8 PM ኣብ ስራሕ ይውዕል። ገለ ከባቢታት መንበሪ ክሳብ ሰዓት 10 PM ዝጸንሕ ዝኽፈሎ ናይ መኪና ጠጠው መበሊ ቦታ ኣለወን፣ ኣብ ገለ ፍሉያት ምድላዋት ድማ ክፍሊት ዝፍጸመሎም ናይ መኪና ጠጠው መበሊ ቦታታት ኣብ ሰንበታትን ኣብ በዓላትን ክህልዉ ክገብሩ ይኽእሉ ኢዮም። ኩል ግዜ ነቶም ኣብ ጎደናታት ዘለዉ ምልክታት ኣንብቡ። መጠናት ክፍሊትን ሰዓታትን ኣብ ዓመት ሰለስተ ግዜ ይመሓየሹን ኣብ ከባቢያዊ ኩነታት መሰረት ብምግባር ድማ ክፈላለዩ ይኽእሉ ኢዮም። መብዛሕቲኦን ጻዕቂ ተጠቀምቲ ዘለወን ጎደናታት ኣብ ናይ ንጉሆን ናይ ምሸትን ሰዓታት ምልልስ፣ ናይ መኪና ጠጠው መበሊ ገደባት ኣለወን።




ኣብ ኩለን ዝኽፈለለን ናይ መኪና ጠጠው መበሊ ቦታታት ናይ ሞባይል ክፍሊ መፈጸሚታትን ናይ ክፍሊታት ኪዮስክታትን ኣለዋ እየን። ነቲ ናይ ሞባይል መተግበሪ ካብ app store ብምውራድ ቅልጡፍን ዝምቸውን ናይ መኪና ጠጠው መበሊ ክፍሊት ንምፍጻም ክትክእል ምእንታን ኣካውንት ፍጠር።

## ርክባትን ሓበሬታ

**ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡** (206) 684-7623

**ናይ መኪና ጠጠው መበሊ ናይ ሕጊ ኣፈጻሚ መኮነን ክቐርበልካ ንምሕታት፣ ህጹጽ ኣብ ዘይኮነ ኩነታት:**
(206) 625-5011, ኣማራጺ #6

**ዋና ዘይብለን ተሽከርከርቲ ብዝምልከት ሓበሬታ ንምሃብ:**
ነቲ Find It, Fix It ዝብል ኣፕ ተጠቐም ወይ ናብ (206) 684-8763 ደውል

**እንተደኣ መኪናኻ ካብ ህዝባዊ ጎደና ብ ኣኽበርቲ ሕጊ ተጻዒና ተወሲዳ ኮይና:** (206) 364-2000 ወይ ናብ seattleimpound.com ኪድ

**ናይ ክፍሊ መጉዓዝያ ሲያትል (SDOT) ናይ መኪና ጠጠው መበሊ ዝምልከት ሓበሬታ፣ ካብ ክፍሊት ናጻ መኪና ጠጠው ዝብለሎም መዓልቲታት ብዝምልከት፣ ናይ ክፍሊት ዝፍጸመሉ ናይ መኪና ጠጠው መበሊ መጠን ክፍሊትን፣ ናይ ካርታታትን ሓበሬታ ሓዊሱ ንምርካብ፡** seattle.gov/parking

**ን ስማርት ስልኪ- ብዝኾን መልክዑ ዝተዳለወ ናይ ዳውንታውን ካርታ ንምርካብ፡** DowntownSeattleParking.com



## ክፍሊት ዘይተፈጸመሎም ትኬታት

ኣርባዕተ ወይ ልዕሊኡ ዘይተኸፍለ ናይ መኪና ጠጠው መበሊ ትኬት ዘለወን ተሽከርከርቲ ከይንቀሳቐሳ ምእንታን ኣብ ጎማአን ሓጺን ክእሰረለን ኢዩ (boot)። ሓንቲ መኪና ጎማኣ ምስተኣስረት፣ እተን ዘለዋ ቲኬታትን ካልኦት ክፍሊታትን ኣብ ውሽጢ 48 ሰዓታት እንተደኣ ዘይተኸፊለን፣ እታ ተሽከርካሪት ተጻዒና ክትውሰድ እያ።

**ዝያዳ ሓበሬታ ኣብ፡** seattle.gov/courts/tickets-and-payments/my-car-got-booted

TIGRINYA

# ኣብ'ዚ ቦታ እዚ መኪናይ ጠጠው ከብል ይኽእል ድየ?



## ነቶም ምልክታት ጎደና ብምርኣይ ናይ ክፍሊት ትኬት ኣወግዱ

## ነዚ ብኸመይ ክትገብሩ ከም ትኽእሉ ክነርእየኩም ኢና

Seattle Department of Transportation

9.2025

## መኪና ጠጠው ምባል ክልኩል እዩ

### Alleys (ጸበብቲ መተሓላለፊ/መንገዲታት)
ኣብ ጸበብቲ መተሓላለፊ መንገዲታት መኪናኻ ጠጠው ኣይተብል። ናይ ንግዲ መካይን ን 30 ደቓይቕ ጽዕነት ክጽዕና/ ከውርዳ ይኽእላ እየን።

### ጠጠው በልን መኪና አሕልፍን (Yield) ዝብል ምልክት
ካብ'ቲ ጠጠው በል ዝብልን መኪና አሕልፍ ዝብል ናይ ጎደና ምልክት ኣብ ውሸጢ 30 ጫማ ርሕቀት፣ ወይ ድማ ካብ ናይ እግረኛ መሰጋገሪ ቦታ ኣብ ውሸጢ 20 ጫማ ርሕቀት መኪና ጠጠው አይተብል

### ናብ መንበሪ ገዛ ወይ ካሊእ ንብረት መእተዊ መንገዲ
ካብ ናብ መንበሪ ገዛ ወይ ካሊእ ንብረት መእተዊ መንገዲ ኣብ ውሸጢ 5 ጫማ ርሕቀት መኪና ጠጠው ኣይተብል ነበርቲ/ወነንቲ ንብረት ነቲ ናብ ንብረቶም መእተዊ መንገዲ ኣብ ክልቲኡ ወገን ን 5 ጫማ ንዝኸውን ርሕቀት ቢጫ ቐለም ክለኽዩዎ ይኽእሉ እዮም

### ኣብ ደረት ጽርግያታት ዝተተኽለ ቱቦ ናይ ሓዊ መጥፍኢ ማይ
ካብ ናይ ሓዊ መጥፍኢታት ቱቦ ኣብ ውሸጢ 15 ጫማ ርሕቀት መኪና ጠጠው ኣይተብል

### ናይ ኣጋር መንገዲታትን ናይ ተኽሊ መትከሊ ቦታታትን
ኣብ ናይ ኣጋር መንገዲታት ወይ ኣብ'ቲ ኣብ መንጎ ናይ ኣጋር መንገዲን እቲ ቀንዲ ጎደናን ኣብ ዘሎ ናይ ኣትክልቲ መትከሊ ቦታ መኪና ጠጠው ኣይተብል።

### መስቀላዊ መንገዲታትን ናይ ኣጋር መሰጋገሪታትን
ኣብ መስቀላዊ መንገዲታት፣ ኣብ ናይ ኣጋር መሰጋገሪ ቦታ፣ ወይ ድማ ካብ ናይ ኣጋር መሰጋገሪ ቦታ ኣብ ውሸጢ 20 ጫማ፣ እዚ ነቶም ናይ “T” ዝቕርጾም መንገዲታት ሓዊስካ መኪና ጠጠው ኣይተብል። መኪና ጠጠው ምባል ዝኽልክሉ ምልክታት ከይህልዉ ረአ። ናይ ኣጋር መሰጋገሪ ቦታታት ብ ቐለም ምልክት ዝተገበረሎም (ቐለም ዝተለኸዩ) ወይ ድማ ዝኾነ ምልክት ዘይተገበረሎም (ቀለም ዘይተለኸዩ) ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።




### ጥሕሰት ሕጊ ዝፈጸማ መካይን ዝጸዓናሎም ዞናት
ኣብ'ዞም ከም'ዚ ዝበሉ ዞናት ወይ ኣብ ዝኾኑ ቀይሕ ቐለም ዝተቐብኡ ዞናት መኪና ጠጠው ኣይተብል።



### መኪና ጠጠው ምባል ዝተኸልከለሎም ዞናት
ኣብ'ዞም ዞናት እዚኣቶም መኪና ጠጠው ኣይተብል





### ግዜያዊ መኪና ጠጠው ምባል ዘይከኣለሎም ዞናት
ኣብ'ቶም ዝተጠቕሱ ዕለታትን ሰዓታትን ኣብ'ዞም ዞናት እዚኣቶም መኪና ጠጠው ኣይተብል። ሕቶታት ኣንተሃልዮሙኻ፣ ናብ (206) 684-7623 ደውል።

### ካልኦት ንዝተወሰነ ዕላማ ዝተዳለዉ ዞናት
ኣብ'ቶም ን ኣውቶቡሳት፣ ታክሲታት፣ ቻርተር ኣውቶቡሳትን፣ ናይ ካርሼር ተሽከርከርቲ ተባሂሎም ዝተፈለዩ ዞናት ወይ ድማ ኣብ'ቶም ሕንጻጽ ዝተሓንጸጸሎም ቦታታት መኪና ጠጠው ኣይተብል።

### ናይ ንግዲን ዓብዪ መጠን ዘለወንን ተሽከርከርቲ
ስፍሓቱ ልዕሊ 80 ኢንች ዝኾነ ዓይነት ተሽከርካሪ ኣብ ናይ ኢንዱስትሪ ዞናት እንተዘይኮይኑ፣ ኣብ መንጎ ሰዓታት ፍርቂ ለይቲን ንጉሆ 6 AM፣ ኣብ ዝኾነ ጎደና ወይ ኣብ ጸቢብ መተሓላላፊ መንገዲ ጠጠው ኣይተብል።

### ክሳብ ክንደይ ርሕቀት እዩ መኪናይ ጠጠው ከብል ዝኽእል?





## ኣብ ዝተወሰኑ ግዜያት መኪና ጠጠው ምባል ዝፍቀደሎም ቦታታት




### ነቶም ኣካላዊ ጉድኣት ዘለዎም ሰባት መኪና ጠጠው ከብሉ ዝፍቀዱሎም ቦታታት
ንኣካል ጉድኣት ዘለዎም ሰባት መኪና ጠጠው መበሊ ተባሂሎም ምልክት ዝተገበረሎም ቦታታት መኪና ጠጠው ኣይተብል ወይ ድማ ፍቓድ ክህልወካ ኣለዎ እንተደኣ፡ 1) ንስኻ ወይ ተሳፋሪኻ ናይ ኣካል ጉድኣት ዘለኩም እንተኾይንኩም ከምኡድማ 2) እታ ተሽከርካሪትካ ብንጹር ዝርአ፣ ናይ ኣካል ጉድኣት ዘለዎ ሰብ ከም ዘሎ ዝሕብር ካርዲ፣ ወይ ናይ ሰሌዳ ቑጽሪ፣ ወይ ታብ ዘይብላ ኮይና ፍቓድ ክህልወካ ኣለዎ። ዘይግቡእ ኣጠቓቕማ ምስ ዘጋጥም እቲ መጠን ቕጽዓት $450 እዩ።




### ናይ መግቢ ተሽከርከርቲ ዞናት
ብመሰረት እቲ ኣብ ትሕቲ ናይ መግቢ ተሽከርከርቲ ዞን "Food Vehicle Zone" ዝብል ምልክት ዝተጠቕሰ ሰዓታት ፍቓድ ዝተውሃበን ናይ መግቢ መካይን ጥራሕ ኣብ'ዚ ቦታ እዚ ጠጠው ክብላ ይኽእላ። ካልኦት ተሽከርከርቲ ካብ'ቲ ዝተጠቕሰ ሰዓት ወጻእ ኣብ ዘሎ ግዜ ጠጠው ክብላ ይኽእላ እየን፣ ግን ድማ ብመሰረት እቲ ኣብ ትሕቲ ኣብ ናይ ክፍሊት ጣብያ ክፍሊት ፈጽም “Pay at a Pay Station” ዝብል ክፍሊታት ምፍጻም ከድሊ ይኽእል እዩ።




### ገደብ ዘለወን ናይ መኪና ጠጠው መበሊ ዞናት (RPZ)
እንተደኣ መኪናኻ ገደብ ዘለወን ናይ መኪና ጠጠው መበሊ ዞናት (RPZ) ፍቓድ ዘለዋ ኮይና፣ ኣብ'ተን ምልክት ገደብ ዘለወን ናይ መኪና ጠጠው መበሊ ዞናት (RPZ) ዝተቐመጠለን ጎደናታት ክሳብ 72 ሰዓታት ንዝኸውን ግዜ ጠጠው ክተብል ትኽእል ኢኻ። እንተደኣ ዘይኮይኑ ግን፣ ኣብ'ቲ ዝተጠቕሰ ሰዓት ጥራሕ ኢኻ መኪና ጠጠው ክተብል ትእኽል። ደውል: (206) 684-5086.





### ተጠቃማይ ዝበዝሓለን ሰዓታት
ኣብ'ቲ ዝተጠቕሰ ሰዓታት መኪና ጠጠው ኣይተብል፣ ጠጠው እንተቢልካ ግን መኪናኻ ክትጸዓን እያ። ገደብ ዝተቐመጠሎም ሰዓታት ይፈላለዩ ብምዃኖም፣ ነቶም ምልክታት ጎደና ብጥንቃቐ ተመልከት።




### ናይ ግዜ ገደብ ዝተቐመጠሎም ቦታታት
ኣብ ውሽጢ እቲ ዝተጠቕሰ ናይ ግዜ ገደብ ጥራሕ መኪና ጠጠው ኣብል። ድሕሪኡ ግን መኪናኻ ካብ'ቲ ብሎክ ቀልጢፍካ ክትልዕላ ኣለካ (ካብ ክልቲኡ ሸነኻት እቲ ጎደና)፡ ን ኣብነት፣ ናብ'ቲ ቀጺሉ ዘሎ ብሎክ ትኸድ ወይ ኣንጎሎ ትዕጸፍ።





### አቑሑ መጽዓኒን መውረዲን
ኩለን ተሽከርከርቲ ኣብ'ቶም ዝተጠቕሱ ሰዓታት ጽዕነት ክጽዕናን/ከውርዳን ይኽእላ እየን። (ናይ ከርብ ሕብሪ፡ ብጫ)




### ተሳፋራይ ምጽዓን
ኩለን መካይን ኣብ'ተን ዝተጠቕሳ ሰዓታት ውሽጢ ን 3 ደቒቓ ተሳፋሪ ከውርዳን ክጽዕናን ይኽእላ እየን። (ናይ ከርብ ሕብሪ፡ ጻዕዳ)




### ናይ ጽዕነት መኪና መጽዓኒን መውረዲን
እተን ፍቓድ ዘለወን መካይን ጥራሕ እየን ኣብ'ቲ ዝተጠቕሰ ሰዓታት ጽዕነት ክጽዕናን/ከውርዳን ዝኽእላ። (ናይ ከርብ ሕብሪ፡ ብጫ)




### ናይ ንግዲ መካይን አቕሓ መጽዓኒ ዞናት (CVLZ)
ናይ ንግዲ ተሽከርከርቲ ጥራሕ ን 30 ደቓይቕ ጽዕነት ከውርዳን/ክጽዕናን ይኽእላ እየን።
ካብ ክልቲኡ ብሓዲኡ ክፍሊት ክፍጸም ኣለዎ ወይ ብቑዕ ናይ ንግዲ ማኪና ናይ መጽዓኒ ዞን (CVLZ) ፍቓድ ክህሉ ኣለዎ። ደውል: (206) 684-5103. (ናይ ከርብ ሕብሪ: ብጫ)

### ካልኦት ኩነታት
**ናይ ፍቓድ ሰሌዳታትን ዓመታዊ ኣብ ናይ ማኪና ታርጋ ዝለግብ ናይ ማኪና ምዝገባን** እተን ናይ ቅድሚት ይኹን ናይ ድሕሪት ናይ ሰሌዳ ቑጽሪ ዘይብለን፣ ወይ ግዜኡ ዝሓለፎ ናይ ማኪና ዓመታዊ ምዝገባ ዘርኢ ዘለወን ተሽከርከርቲ ናይ ቕጽዓት ትኬት ክወሃበን ይኽእል እዩ።

**ናይ 72-ሰዓት ሕጊ**
መኪናኻ ኣብ ሓደ ብሎክ ንልዕሊ 72 ተኸታተልቲ ሰዓታት ጠጠው ኣይተብላ፣ እንተዘይኮይኑ ግን እታ መኪና ከም ዝተገደፈት ተቖጺራ ትኬት ክቑረጸላ ወይ ክትጸዓን ትኽእል እያ።